## ሕ. ስራሕ ናይዚ ማእከል RAPE CRISIS (ሬፕ ክራይሲስ) እንታይ እዩ?

መ. እዚ ማእከል Rape Crisis (ሬፕ ክራይሲስ) ማእከል ጉጅለ ደቀንስዮ እዩ። ንኣብ ሃገረን ወይ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ሽግር ንዘጋጠመን ደቀንስትዮ ሓገዝ ነቅርብ። እዘም ዘጋጥሙ ሽግራት ግማ ብወተሃደራት፣ ፓሊስ ወይ ኣባላት ጸጥታ፣ ደባይ ተዋጋእቲ፣ ወይ ብሓላፍ መንገዲ ወይ ድማ ብትፈልጦ ሰብ – ዋላ ብበዓል ቤትክን እውን ዝወርዱ ሽግራት ክኾኑ ይኽእሉ።

ዝኾነ ሰብ ንዝኾነት ጓለንስተይቲ ይኹን ንቆልዓ ክጎድእ ወይ ዝኾነ ዘሽግርን ወይ ዘሕፍር ነገር ክፍጽም ኣይግብኦን እዩ ዝብል እምነት ኣለና።

ስለዚ ዝኾነ ዘየቅስን ወይ ዝጎድእ ወይ ዘሕፍር ሽግር ኣጋጢሙክን ዝፈልጥ እንተኾይኑ፣ ከተዘራርባና ትኽእላ ኢኽን። ጽን ኢለን ዝሰምዓ፣ ሓገዝ ዝልግሳ ከምእውን በቲ ዝወረደክን ጸገም ምኽንያት ዘየናሽዋ ደቀንስትዮ ኣለዋና።

ኩለን ሰራሕተኛታት ማእከል Rape Crisis (ሬፕ ክራይሲስ) ደቀንስትዮ ኮይነን ናይ ምትርጓም ሓገዝ ዘድልየክን እንተኾይኑ ጓለንስተይቲ ኣተርጓሚት ክነዳልወልክን ክንጽዕር ኢና። ነዚ ነቕርቦ ኣገልግሎት ዝኽፈሎ ክፍሊት የለን።

## ሕ. ቅድሚ ነዊሕ እዋን ሕማቅ ነገር ኣጋጢምኒ ይፈልጥ እዩ። ክሳብ ሎሚ ድማ ዘሕርቀንን ዘፍርሕን ሕማቅ ተዘክሮታት ኣልውኒ። ስለዚ ካብ Rape Crisis (ሬፕ ክራይሲስ) ሓገዝ ክረክብ ይኽእል እየ ማለት ድዩ?

መ. ቆልዓ ከለኽን ዝኾነ ዝጎድእ፣ ዘሕርቕ ወይ ዘሕፍር ነገር ኣጋጢምክን እንተነይሩ፣ ከይተሰከፍክን ከተዘራርባና ትኽእላ ኢኽን። ምኽንያቱ ብዛዕባ እዚ ነገር'ዚ ምስ ዋላ ሓደ ዘይተዘራረብክናሉ ክትኮና ትኽእላ ኢኽን። ወይድማ ዝኾነ ተዘክሮታት ናብ ሓሳብክን ስለዘምጽኦ ምስ ሰብ ክትዘራረባሉ ትደልያ ትኾና። ክንሕግዘክን ንኽእል ኢና ከምእውን በዚ ዝወረደክን ጸገም ምኽንያት ዋላ ሓደ ሰብ ኣየናሽወክን እዩ።

## ሕ. ኣብዚ ማእከል Rape Crisis (ሬፕ ክራይሲስ) እንታይ ዓይነት ደቀንስትዮ ይሰርሓ?

መ. ኣብዚ ማእከል Rape Crisis (ሬፕ ክራይሲስ) ዝሰርሓ ደቀንስትዮ ተራ ሰባትን ዝተፈላለየ ድሕረ ባይታ ዘለወን ደቀንስትዮ እየን። ኩሉን እተን ኣባላልት ድማ ብቑዕ ስልጠና ዘለውን ነንሕደንን ንኹለን ተጠቀምቲ ኣገልግሎትና ዘኽብራ እየን።

**ሕ. ኣብ ከባቢየይ ዝነብር ሰብኣይ ተጋሲሱኒ ይፈልጥ እዩ፡ ከምእውን እንታይ ዓይነት ሰብ ከምዝኾንኩ ንኹሉ ሰብ ክነግር እየ ኢሉኒ። ስለዚ ዝኾነ መቕጻዕቲ ከይወርደኒ ድማ እፈርሕ ኣለኹ።**

**መ.** ኣብኩሉ ከባቢታት ዝነብራ መብዛሕትኤን ደቀንስትዮ ከምዝሕብራና እንተኾይኑ፡ ዝፈልጥኦ ሰብኣይ ከምዝጋሰሰን እዩ። ስለዝኾነ ብዛዕባ እዚ ዝወረደን ሽግን ዝኾነ ከይፈልጥን እቲ ሕብረተሰብ ከይዋርደን ይፈርሃ እየን። ብዛዕባ እዚ ንዓና ከይተሰከፍክን ከተዘራርባ ትኽእላ ኢኽን፤ ንሕና ብወገንና ሓገዝ ከነቕርበልክ ኢና።

**ሕ. ኣብ ዓደይ ከለኹ ወተሃደር ተጋሲሱኑ ይፈልጥ እዩ። እንታይ ክገብር ይኽእል?**

**መ.** ነቲ ዝተጋሰሰኪ ሰብ/ሰባት ኣብ ሃገርኪ ስለዘለዎ ክትከሰዮም ኣይትኽእል ኢኺ፡ እንተኾነ ግና ነቲ ናይ ሕቶ ዑቕባኺ ዝከታተል ጠበቃ ብዛዕባ እዚ ሽግር ክትነግርዮ ይግባእ። ነዚ ክትገብሪ ድማ ኣባላታትና ክትሓባበራሒ ይኽእላ እየን።

**ሕ. ጓለይ እውን ተጋሲሶማ እዮም፡ እንተኾነ ዕድሜኣ 14 ዓመት እዩ። ኣበይ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል?**

**መ.** ኣብዚ ማእከል Rape Crisis (ሬፕ ክራይሲስ) ንወጣት ደቀንስትዮ ዕድሜኣን ካብ 13 ዓመት ንላዕሊ ዝኾናን ኣብዚ ሃገረ እንግሊዝ ወይ ናብ ሃገር እንግሊዝ ትራዚት ኣብ ዝገብራሉ እዋን ዝነብሩ ሰባት ሕማቕ ጸገም ዘጋጠመንን ሓገዝ ንህብ ኢና።

**ሕ. በዓል ቤተይ ሰፍርሓኒ ወይ ዝጎድኣኒ ነገር ንኽገብ ይደፋፍኣኒ እዩ። እንታይ ክገብር ይኽእል?**

**መ.** በዓል ቤትኪ ዝኾነ ዝፍርሃኒ ነገር፡ ዝጎድኣኪ ነገር፡ ወይ ዘይትደልዮ ነገር ክትገብሪ ክደፋፍኣኪ መሰል የብሉን። ስለዝኾነ ዝኾነ ኣብ ቤተሰብኪ ወይ ቤተሰቡ እንተኣጸጊሞምኺ ወይ ዘሕፍር ነገር እንተኣውሪደምልኪ ወይም ሕማቅ ስምዒት እንተየሕዲሮምልኪ ክትወክስና ትኽእሊ ኢኺ። ንሕና ድማ ዝከኣለና ክንተሓባበረኪ ኢና።

**ሕ. ኣብዚ ሃገር ብሕጋዊ ኣይኮንኩን ዝነብር ዘለኹ፡ ክትሕግዛኒ ትኽእላ ዶ?**

**መ.** ምንም እኳ ኣብዚ ሃገር ብሕጋዊ ዝይትነብሪ እንተዘይኾንኪ፡ ካብ ሓደጋ ክትሕለውን ሰላም ክትነብርን መሰል ኣለኪ። ናብ ዓዲ እንግሊዝ ንስራሕ ምንዝርና ተባልኪ ብዘይሕጋዊ ዝመጻእኪ እንተኾንኪ ድማ፡ ናብ ካልእ ዘድልየኪ ድሕነት ክህብኽን ክሕግዛኽን ናብ ዝኽእላ ፕሮጀክት ደቀንስትዮ ክምትኸዲ ክንገብር ኢና። ናብ ሃገርኪ ክትምለሲ ትደልዪ እንተኾንኪ ድማ፡ ናብ ክተሓባበሩኺ ዝኽእሉ ሰባት ክነራኽበኪ ንኽእል ኢና።

**ሕ. ኣብ ማእከል Rape Crisis (ሬፕ ክራይሲስ) ንዝርኩብ ሰብ ክዘራርብ ይደሊ እየ እንተኾነ ግና ነዚ ኣብ ቅድሚ ደቀይ ክገብሮ ኣይደልን እየ።**

**መ.** ኣብ ማእከል Rape Crisis (ሬፕ ክራይሲስ) ንህጻናት ዝሕሉ ሰብ የብልናን፡ እንተኾነ ግና ናብዚ ማእከልና ኣብ ተመጽሉ እዋን ቆልዓ ወይ ቆልዑ ዝሕልወልኪ ሰብ እንተረኺብኪ ክንከፍለልኪ ንኽእል ኢና። እቲ ዝሕሉ ሰብ በዓል ቤትኪ ወይ ብጻይኪ እንተኾይኑ ግን ኣይንከፍሎምን ኢና፡ እንተኾነ ግና ብጾትኪ ወይ ጎረባብትኺ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ።

**ሕ. ቋንቋ እንግሊዘኛ ኣይዛረብን እየ። ትግርኛ ዝዛረብ ሰብ ክዘራርብ ይኽእል ዶ?**

**መ.** ምስ ቋንቋኽ ዘይዛረብ ሰብ ብቀጥታ እቲትደልዪ ክትዛረብ ኣሸጋሪ ምዃኑ ይርደኣና እዩ፡ ስለዝኾነ ኣብቲ እዋን ርክብና ዘተርጉም ሰብ ነዳሉ ኢና። ብዝተኽኣለና መጠን ድማ እታ ተተርጉም ሰብ ጓለንስተይቲ ክትከውን ንጽዕር ኢና። ምንም እኳ በዓል ቤትኪ ወይ ብጻይኪ

ክተርጉመልኪ ዝኽእል እተኾነ፡ ዝሰልጠነ ኣተርጓሚ ጥራይ ስለነፍቅድ ክተርጉሙ ኣይክእሉን እዮም። ከምእውን ኣብ መንጎኽን እቶም ናይ ሓገዝ ጉጅለ ዝተዘርበ ነገራት እታ ኣተርጓሚ ምስ ዋላ ሓደ ሰብ ክትዘራረብ ክምዘይፍቀደላ ትፈልጥ እያ።

**ሕ. ኣብ ቀረባ እዋን ናይ ምግሳስ ጾገም ወሪዱኒ እዩ፡ እንተኾነ ግና ንፖሊስ ክነግር ይፈርሕ ኣለኹ።**

**መ.** ዘይትደልዮ እተኾንኪ ንፖሊስ ክተዘራርቢ ኣየድለክን እዩ።

ኣብ ዝሓለፉ 7 መዓልታት ውሽጢ ኣብ ከተማ Glasgow (ግላስጎው) ናይ ምግሳስ ጾገም ዝወረደኪ እንተኾንኪ ናብ Archway (ኣርችወይ) ዝበሃል ቦታ ብምድዋል ምስ ዶክተር ወይ ነርስ ክትዘራረቢ ይግባእ። ኣብዚ Archway (ኣርችወይ) ዝበሃል ቦታ ድማ ሓሳባትኪ እተቀይርኪ ሕክምናዊ ምርመራን ክትገብርን ካብኡ ንፖሊስ ክትሕብሪ ትኽእሊ ኢኺ። እተኾነ ግና እንግሊዝ ዝኽእል ሰብ ደዊሉ ቆጸራ ክሕዘልኪ ይግባእ።

ኣብ Archway (ኣርችወይ) ምስ ከድኪ እንተደሊኺ ብዛዕባ ዘጋጠመኪ ጸገም ክትነግርየን እትኽእሊ ናይ ሓገዝ ሰራሕተኛታት ወይ ኣማኸርቲ ደቀንስትዮ ኣለዋ። እንግሊዘኛ ዘይትዛረቢ እተኾንኪ እቲ ኣብ Archway (ኣርችወይ) ዝርከብ ደክተር ኣተርጓሚ ክምዝዳለወልኪ ክገብር/ክትገብ እዩ/ያ። በዚ ዝወረደኪ ጸገም ምኽንያት ድማ ዝኾነት ኣባል ኣይክተናሽወክን እያ፣ ኩሉግዜ ብኽብረት ክከናኸናኺ እየን።

ኣብ Archway (ኣርችወይ) ክለኺ ናይ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ናይ HIV (ኤች ኣይ ቪ) ምርመራ ክትምርመሪ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ።

## ሕ. ስለዚ ምስ ማእከል RAPE CRISIS (ሬፕ ክራሲስ) ብኸመይ ክራኸብ ይኽእል?

**መ.** ንመጀመርታ ጊዜ ንማእከል Rape Crisis (ሬፕ ክራሲስ) ክትውከሳ ክለኽብ ብቋንቋ እንግሊዘኛ ክኸውን ኣለዎ፣ ስለዚ ትኣምንኦ ሰብ ወይ ቀንዲ ሰራሕተኛ ወይ ናይ ጥዕና ሰራሕተኛኽ ወይ ድም GP (ደክተርክን) ክዘራርበልክን ክትውከሳ ይግባእ።

ስለዚ እንታይ ቋንቋ ክምትዛረባ ክትነግራና ድማ ይግባእ፣ እዚ ድማ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ርክብና ንለንስተይቲ ኣተርጓሚ ክነዳሉ ክሕግዘና እዩ።

ናባና መጀመርታ ጊዜ ክትመጻ ከለኽን ሰብ ሒዝክን ክትመጻ ትኽእላ ኢኽን። ጽቡቕ ዝኾነ መጽበዪን ሻሂ ወይ ዝሑል መስተ ክሰቲ እውን ይኽእል እዩ። ነቲ ናይ ቆልዓ ምሕላውን ናይ ጉዕዞ ወጻኢ ክፍሊት ሓገዝ ዘድልየክን እንተኾይኑ፣ ኣብ ትመጻሉ እዋን ነቲ ገንዘብ ኣዳሊናልክን ምእንታን ክንጸንሕ ነቲ ቆጸራ ዝሕዘልክን ሰብ ክሕብረና ክትነግርኦ ይግባእ።